

ደሃይ
Dehay
1ይ ዓመት 4ይ ሕታም
ጥሪ 2000 ዓ.ም
ዋጋ 4.00ብር
ሓበሬታ ሓይሊ'ዩ!
Information is Power
"ሕጉስ'ውን ጉሁይ'ውን ኣይኮንኩን"
ኣቦይ ዜናዊ ኣስረስ
(ኣቦ ቀ/ሚ መለስ ዜናዊ)
"ፊልም ኦፕሬሽን ኢጋእቢ ብደረጃ ኣፍሪካ ዝለዓለ ስም ከረክብ'ዩ"
ሰለሙን ኣስመላሽን
ፍፁም ኣስመላሽን
መወልቲ ፊልም
ካብ ሓደ ሺሕ ብር
ናብ ፍርቂ ቢሊዬን
ኢንጅነር ተ/ብርሃን ኣምባዬ
በዓል ሃብቲ
ንልዕልና ዲሞክራሲ ሃገራ ሂወታ ዝወፈየት
ዓል-ኣንስተይቲ ፖለቲከኛ
ቤናዝር ቡቶ

# ስቕታ ይሰበር ብዛዕባ ታሪኽና ንዛረብ ዝኸፈልናዮ ንኽፈል



ዋና ኣሰናዳኢ፦ ዳዊት ከበደ

ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጥኡን ተፈጥራዊ መበቀሉን ግዳይ ብዙሕ ወራራት ኩናትን ግፍዕታትን ኮይኑ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ሉኣላዊ ግዝኣት ሃገሩ ክደፍሩ ንዝመፁ ወራራት ንምምካትውን ዝሃቦ መስዋእቲ ከፊሉ እዩ። እዚዩ ጥራሕውን ኣይኮነን ኣብዛ ሃገር ንዘበናት ሱር ዝሰደዱ ግፍዓውያን ስርዓታት ንምውጋድውን ኣብ ናይ 17 ዓመታት ተጋድልኡ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ ደቁ ኣሰሊፉ ነቲ ቓልሲ ሓብሒቡ ዝጎደለ መሊኡ ዝደኸመ ኣዝሊሉ ኣብ ኢትዮጵያ መሰል ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘኽብር ግልፅን ንፁርን ኣጀንዳ ልምዓት ዘለዎ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ክትክል መዳርግቲ ዘይብሉ ብግንባር ዝተቀበለ ህዝቢ እዩ። እዚዩ ግለትና ግና ካልኦት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣይተቓለሱን ኣይተሰውኡን ንማለት ኣይኮነን። ተቓሊሶምዮም ተሰዊኦምዮም። መስዋእትን ቓልሰን ህዝቢ ትግራይ ግን ብምዃንያት እቲ ኣብ መእተዊና ዝገለፅናዮ ዝዓዘዘ ኮይኑ ንረኽቦ።

ይኹን'ዳእምበር እዚ ዘካየድናዮ ቓልስን ዝኸፈልናዮ መስዋእትነትን እዛ ሃገር ጀሚራቶ ንዘላ ሓድሽ ምዕራፍ ልምዓትን ህንፀት ዲሞክራስን እምነ ኹርናዕ ምዃኑ ብዙሕ ኣይንዛረበሉን፣ ነዚ ዝገልፁ ዕሉፋት ኩነ ሰነዳት እቲ'ቫሊኡ ብሄር ኢትዮጵያስ ይትረፍ እቲ ትግራዋይ ወለዶ እኳ ክፈልጦን ንዕኡ መሰረት ገይሩ ዘለዎ ሃገራውን ዜግነታውን ግደ ክፍፅም ዝሰርሑ ስራሕቲ ብጣዕሚ ድኹማት ምዃኖም እንትንዕዘብ ኣዚዩ የተሓሳስበና።

ሕዚ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ ትግራይ ብዛዕባ ኦፕሬሽን ኣግኣዚ፣ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ ዝሓለፉ ጀጋኑን ሰማእታትን ካብ ምዝራብ፡ ብዛዕባ እቴጌ ጣይቱን ምኒልክን፣ ብዛዕባ ኣሉላን ሓየሎምን ካብ ምዝራብ ብዛዕባ በላይ ዘለቀ ምዝራብ ይቐሎ። ንምንታይ ብዛዕባ በላይ ዘለቀን ሚኒሊክን ጣይቱን ብዙሓት ዕሉፋት፣ ቲያትራትን ፊልምን ተሰኒዶም ቀሪበሙሉ ብሚድያ ስለዝሰምዑ ብቪሲዲ ኣብ ገዛኡ ስለዝርኣየ።

ኣብ ኢትዮጵያ ሓደ ዝተለመደ ነገር ኣሎ። ነቲ ሓቂ ፈልፈልካ ኣብክንዲ ምውፃእ ምፅሓፍን ምዝራብን ዓሌትን ኣራእእያን ቐዳምነት እናተወሃቦም ነቲ ቑራፅ ሰይጣን መልእኽቲ ነቲ ፈራሕ ጅግና፣ ነቲ ግፍዐኛ ህዝባዊ ኣምሲልካ ምፅሓፍ ክሳብ ሕዚውን ፈውሲ ዘይተረኽበሉ መንቀርሳ እዩ። ብፍላይ ንሕና ተጋሩ ግዳይ እዚውዲት ካብ እንኾውን ዘበናት ኣቑጺሩሎ። ናይዚ መንቀሊ ድማ ደፈርና፣ ተሓባበርና፣ ዝኸፈል ከፊልና ኣብ እደባባይ ወፂና ታሪኽና ክንዛረብክንዕቅብ ክንፋለጥ ብዙሕ ስለዘይንንቀሳቐስ እዩ። ኣብቲ ታሪኽ ምስራሕ እንተመፂና ግን መን ከማና።

ነዚ ክንልዕል ዘገደደና ቐንዲ ምኽንያት ለምቅን እንዕዘቦም ዘለና ተርእዮታት እንደስትን ኩሉ ኢዱ ክሓውሰሉን ኩተባብዖን ዝግባእ ጉዳይ ምዃኑ ንምሕባር እዩ። ኣግኣዚ ኦፕሬሽን ብደረጃ ፊልም ንምስራሕ ዝግበር ዘሎ ምድላዋትን ተጋደልቲ ሀወሓት ኣብ እልዓሉ ዘካየድዎ ዉግእን ዝኸፈልዎ መስዋእትነትን ዝድህሰስ ፊልም ብናይ ውልቀ ሰባት ፃዕሪ ተጀሚሩ ንምረጋ ምብቅዖን ከምኡውን ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ተሓቲሞም ንመሸጣ ምቕራቦም ይበል ዘብል እዩ። እዞም ስራሕቲ ብውድቡን ሰፊሕ ገንዘባውን ቴክኒካውን ደገፍ ተሓጊዞም ዘይኮነስ ብተበግሶ ውልቀ ሰባት ንመድረኽ ዝበቕዑዮም። ስለዚ እዞም ተበግሶታት ከምዒፍ መስቀል ሓንሳብ ተራእዮም ከይጠፍኡ ኩተባብዖ፣ ገንዘብ ዘለዎ ገንዘቡ፣ ፍልጠት ዘለዎ ፍልጠቱ እወፍዩ ክንልብቶም፣ ካልኦት ዘይተዳህሰሱ ታሪኻትናውን ናብ መድረኽ ክወፁ፣ ተዓቂቦም ናብ ውልድ ወለዶ ክሓልፉ ክፀሓፉ ብመንግስቲ ብውድብ ብሰብ ሃፍትን መሁራትን ዝተዋደደ ቀፃልነት ዘለዎ ፃዕሪ ይካየድ'ሞ ሰቕታ ይሰበር፣ ብዛዕባ ታሪኽና፣ ንዛረብ ዝኸፈልናዮ ንኽፈል።



1



2



3



4

## ትሕዝቶ




ኢ.. ተ/ብርሃን እምባዬ
ናብ ቢዝነስ ክኣቱ…
1

5 ምሕዝነት…

6 ንጉስ ሙዚቃ…



ኣግኣዚ ኦፕሬሽን
7



Celin Dion
…ተኣምራዊ ድምፂ
11

17 ፖለቲካዊ ብዙሕነትና…

20 ኣኼባ…

21 ሽኪት ናበይ…

25 ንኻልኦት ካብ ምቁፅፃር…



27 ግንባር ንግንባር…



መለስ ቂመኛ ኣይኮነን
28



34 ደሃይ ቴክኖሎጂ

40 ደሃይ ስፖርት



N

Neyatna Advertizing & Publishing Enterprise

ኣብ ትሕቲ ንያትና ትካል ኣድቨርታይዝመንትንስራሕቲሕትመትን እናተሓተመት ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ-ኪነጥበብን ስፖርት ዘድሃቡ ዛዕባታት ሒዛ ትወፅእ ወርሓዊት መፅሄት ደሃይ።

ምክትል ዋና ኣሰናዳኢ
- ኣታኽልቲ ነጋ

ዓምደኛታት
- ንዑሽ ወልደገብርኤል (ጀርመን)
- ዮሃንስ ፍስሃ
- ኣማኑኤል ኣ
- ሰገን ኣከሎም
- ምትኩ ታደሰ

ፎቶግራፍ
- ንያትና ትካል ኣድቨርታይዝ

ሽፋንን ሌይኣውትን ዲዛይን
- ሚዛን ገ/መስቀል
  (ኩመል ሓ.ዝ.ው.ማ. 0344405888)

ኮምፒዩተር ፅሑፍ
- ሰናይት ወልደገብርኤል

ኣድራሻ፦ መቐለ - ትግራይ - ኢትዮጵያ
ወዲ መሸሻና ወንድሞቹ ክለር
ላቦራቶር ፎቶ ድሬ ህንፃ 3ኛ ደብሪ

ቑፅሪ ስልኪ፦ +251-34-4415483
+251-91-4745250
+251-91-1634375

ቑፅሪ ሳ.ፖ፦ 1477



E-Mail:
neyatna@dehaytigray.com

Website:
www.dehaytigray.com